# ደማሙ

ብኣወልኼር ዓ/ሓፊዝ

ቅድሚ ገለ ማዓልታት ሓንቲ ድሙ ካብ ሓንቲ ሚኪና ናብ ሓደ መንደቅ ክትነጥር ትንዕ ትንዕ ክትብል ጸኒሓ ከምዘየዋጽእ ምስ ፈለጠት ናብ`ቲ ዝበረኸ ሸነኽ ናይ`ታ ሚኪና ሰጊራ ካብኡ ብዘይ ሽግር ናብቲ ዝደለየቶ ነጢራ ክትከይድ ረኣኹ፤ ዘዋጽኣካ ምግባራ እንተላይ ንደማሙ ዝምልከት ካብ ኮነ ዘዋጽኦም ዘይፈልጡ፤ ናይ ዝወስድዎ ወይ ዝርእዩዎ ነገር ገምጋም ዘይብሎም ሰባት ደኣ ምስ ምንታይ ክግመቱ`ዮም ኢለ ሓሰብኩ፤ ካልእ ተግባራት ደማሙ ከኣ ዘከርኩ፤ ንኣብነት ኣብቲ ዝነብሮ ዘና እተን ደማሙ ናኣሽቱ ህጻናት ክርእያ እንኮለዋ ይሹቅረራን ይሃድማን፤ ሞዮም ዝሰተዩ ክኾኑ እንኮለዉ ኸኣ ርግእ ክብላ እርእየን ነይረ፤ ብዓብዩ`ዩ ኸኣ ቅድሚ 35 ዓመት ኣቢሉ ብንእሽተኣ ዘዕበኹዋ ድሙ ነቲ “ሓራስ ድሙ ንደቃ እናንጠልጠለት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከተዝሮም እንኮላ ናይ ተፈጥሮኣ ባህሪ`ዩ“ ኢለ ክርደኦ ዝጸናሕኩ ኣፍልጦይ ዝቀየረ ተግባር በታ ድሞይ ረኣኹ። ነቶም ትወልዶም ከየንቀሳቀሰት ኣብ ሓንቲ ቦታ ተዕብዮም ነበረት፤ እቲ ቦታ ምቅያር ናይ ፍርሒን ዘይምትእምማንን ምኽኑ ዝፈለጥኩሉ ተርእዮ ነይሩ፤ እዚ ንባዕሉ ንድሙ ገለ ሰባትን ከነጻጽር ደፈፋኣኒ። እተን ደማሙ መን`ዮም ዝሃስዩ መን`ዮም ዘይሃስዩ ንኽፈልጣዓይነን`የን ተጠቅማ ሕሹኽ ዝበለን ኣይነበረን፤ ዋላ ሕሹኽ ኢልካ`ዮም ንሩእይ ዘይርእዩ ወይ ክርእዩ ዝፈርሁ ወይ ናብቲ ዘፍርህ ዝጽግዑ ሰባት ካብ ናይ ደማሙ ንታሕቲ ዝኾነ ንቅሓት ኣለዎም ማለት ድዩ ?!

ምንጽጻር ዝግበር ኣብ መንጎ ክልተ ማዕረ`ዩ፤ ድሙ ሰብን ከኣ ማዕረ ኣይኮኑን፤ ደማሙ ብኸመይ ይነብሩ`ዩ ዘገድሰና፤ ማለት ድሕነት ፡ ከብዲ ምምላእ ፡ ውስብ። እዚ ነገራት`ዚ ኸኣ እንተላይ ንደቂ ሰብ `ውን ዘገድስ`ዩ፤ ኣብ`ዚ ደውምባል ግና ምስ`ቲ ኪኖ`ዚ ንደቂ ሰብ ነዛ ዓለም ክሃንጹን ብዘይ ኣድልዎ ከማሓድርዋን ጸጽቡቁ ክሰርሑላን ፤ ጸማኡ ምከኣ ነታ ምልእቲ ዳሕረወይቲ ዓለም ምውራስ፤ ብኣንጻር ናይ`ዚ ከኣ ንዓለም ኣፍረስታ ንነበርታ ኸኣ በደልቲ ዓመጽቲ ኮይኖም ብሓዊ ምቅጻዕ፤ ዝብል ዝተዋህቦም ሓላፍነትን ምርጫን ዘይሰማማዕ`ዩ። ስለዚ ደማሙ ምስ ዘይማጻጽርትኽን ዘነጻጸርኩኽን ብልጸትክን ንኸጉልሕ እምበር ንምንእኣስክን ከምዘይኮነ ተረዳኣለይ !

ሎሚቅነ በቲ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትና ኣብ ልብያ ዝወረደ ጸገም ዘይሓዘነ የለን። እቲ ኣዚዩ ዘሕዝን ከኣ ሃለዋት ናይ`ታ ትኸዳ ዘለኻ ሃገር ከይፈለጥካ ምኻድ`ዩ። ተዓሚትካ ምኻድ ሓቂ ክትርኢ ዘይምድላይ፤ ንሕማም በብዝሰማማዓ ኣፋውስ ዘይ ምሕካም ዳርጋ ናትና ኢልና ዝሓዝናዮ እና ንማስል። ልብያ ንምንታይ ከምዚ ኮይና ? ሽግራ ብምንታይ ክፍታሕ ይኽእል? ንኽትፈልጥ ዝሓተተካ ሰብ የለን። ግና ልብያ ሰላም ዘይብላ ብዙሓት ሸፋቱ ዝዕንድሩላ ዘለዉ ሃገር ምኻና ዘይምፍላጥ ንዓይ ኣይርደኣንን`ዩ።

ብማሰረቱ ንኣብ ሃገርካ ዘሎ ጸገም፤ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ኩነታት ክትቅይር ዘይትኽእል ወይ ዓቅሚ ዘይብልካ ኮይኑ፤ ኣብ ሃገርካ ኮንካ ንልምድን ባህልን ስድራ ቤታዊ ምትእስሳርን ዝኣማስሉ ክብርታት ምሕላው ነፍሱ ዝኸኣለ ሓላፍነት`ዩ። ንጉዳየይ ደኣ መን ክዕጠቀለይ? ኢልካ ምሕሳብ ከኣ ይውሓድ ይብዝሕ ሓላፍነት ትስከምሰብ ክገብረካ ይኽእል`ዩ።

AAHafiz (136) 21/9/18